## ኤርትራዊ ምኳን ኩርዓት።

ሳላ ዝጸናዕና ዝተጸመምና፡
ሳላ ዓቕሊ ዝገብርና ዝሃዳእና፡
ሳላ ዝጠመትና ኣርሒቕና፡
ሳላ ንዓመታ እንበር ንሎሚ ዘይበልና፡
ሳላ ተሓቛቑፍና ሓደ ዝኾና፡
ሳላ ብመትከል ሓቂ ዝተጠመርና፡
ሳላ ዝተኻባበርና ነንሕድሕድና፡
ሳላ ማዕጾና ዘስጠምና ከይሶሎኽ ጓና፡
ሳላ ዝጸናዕና ኣብ ሕድሪ ሰማእታና፡
ሳላ ዘነጸርና መጻኢ ራኢና፡
ሳላ እምቢ ዝበልና ንምጽውትና፡
ሳላ ዘይረሳዕና ጅግንነት ኣቦታትና፡
ሳላ ዝዓቀብና ክቡር ባህልና፡
ሳላ ኣነጺርና ዝፈለጥና ጸላእትና፡
ሳል ንሃገርና ሓንቲ ዘይበቐቕና፡
ሳላ ዝተወደብና ዝነቓሕና ዝዓጠቕና፡
ሳላ ኣብዘየድሊ ትም ዝመረጽና፡
ሳላ ምስ ዘዝነፈሰ ዘይነፈስና፡
ሳላ እቲ ቁኑዕ ራኢና ኣብልብና ዘንገስና፡
ሳላ ማሕበራዊ ፍትሒ ዝኾነ መትከልና፡
ሳላ ነብሰ ምርኮሳ ዝበልና ክንክእል ነብስና፡
ሳላ ሕድገት ዘፍቕድ ባህልና፡
ሳላ ነቶም ሓያላት ዝመስሎም ዝሞሖና፡
ሳላ ነቶም ስቕታና ፍርሂ ዝመስሎም ዝሰዓርና፡
ሳላ ቶም ኣብ ጉዳዮም ክእትዉና ዝተኺቱኹና ዘልመስና፡
ሳላ ነቶም ሰላማውያን መሲሎም እሾኽ ዝዘርኡልና ዘምከና፡
ሳላ ነቶም ብትኺቦ ክማሩኹና ዝደልዩ ዝጸፋዕና፡
ሳላ ነቶም ዕሱባት ከደምቲ ዘቓላዕና፡
ሳላ ኣብነት ናይ ጭቑናት ኮና ዝወጻእና፡
ሳላ ግዜ ኣብ ረብሓና ዝቐየርና፡
ሳላ ሰላም ኣብ ዞባና ዘንገስና፡
ሕጂ ንበገስ በብዘሎ ዓቕምና፡
ከነበራብር ተኾሊፉ ዝጸንሔ መደብና፡
ብናህሪ ክቕጽል ወፍርና፡
ሃየ ኩልና ንበል ሻማሻማ ንህነጻ ሃገርና።

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና፡
ዓወት ንሓፋሽ ህዝብና፡
ገብረንጉስ መስመር፡